# ም ዝ ር ጋ ሕ ወ ን ጌ ል

## መዝሙር እምነት 77 ከዘንትዎ እፈቱ

1. ከዘንትዎ እፈቱ ክነግር ዛንትኡ፡
ናይ የሱስ ክርስቶስ ክብሪ ዘይረኣዮ ዓይኒ፡
ናይ ኣምላኽ ዓቢ ፍቕሪ እነግሮ ብሓቂ፡
ድሌት ልበይ መዕገቢ ከምኡ ኣይርከብኒ።

ተደጋሚ፡- ከዘንትዎ እፈቱ ከገልግሎ ብሓቂ፡
ከዘንትዎ ናይ የሱስ፡ ናይ ኣምላኽና
ፍቕሪ።

2. ሓለፍ ኢሉ እረኽቦ ንናይ ዓለም ሓጎስ፡
'ቲ ኹሉ ጽባቐኡ ምስ ኩሉ ክብረቱ፡
ግሩም ጸጋ ምሕረቱ ንኹሎም ኣመንቱ፡
ከዘንትዎ እፈቱ ናብ ምድሓን ዘይመጹ።
*ተደጋሚ፡-*

3. ዘይሰምዕዎ ኩላቶም መታን ከብስሮም፡
ምድሓን ብየሱስ ክርስቶስ ዘዕግብ ጥሜቶም፡
ደጋጊመ ክነግሮ ቃል ህይወት ዘይምኖ፡

ምንጻህ ኣሎ ንኹሉ ቃል ኣምላኽ ከም ዘሎ፡

<u>*ተደጋሚ፡-*</u>

4. እቶም ዝፈልጡ ኩሎም ቃል ኣምላኽ መዓዶም፡
   ጥሜቶምን ጽምኣቶምን ሃረር ዝብሎ ልቦም፡
   ፈልፋሊ ዔላ ኣሎ ኣብ መስቀል ቀራንዮ፡
   ሓድሽ ዜማ ኣብ ሰማይ መሊሰ ክደግሞ። *ኣ.ሓ*

## <u>መዝሙር እምነት 78 ጎይታ ናይ ሰላምካ መሳርሒ ግበረኒ</u>

1. ጽልኢ ኣብ ዘለዎ ፍቕሪ
   ከም ዘእቱ ግበረኒ።
   በደል ኣብ ዘለዎ ይቕሬታ፡
   ከም ዘእቱ ግበረኒ።

<u>ተደጋሚ፡ ጎይታ ናይ ሰላምካ መሳርሒ ግበርኒ(2)</u>

2. ክርክር ኣብ ዘለዎ ስምረት፡
   ከም ዘእቱ ግበረኒ።
   ስሕተት ኣብ ዘለዎ እውነት፡
   ከም ዘእቱ ግበረኒ።

*ተደጋሚ፦*

3. ጥርጥር ኣብ ዘለዎ እምነት፡
ከም ዘእቱ ግበረኒ፡፡
ቅብጸት ኣብ ዘለዎ ተስፋ፡
ከም ዘእቱ ግበረኒ።
*ተደጋሚ፦*

4. ሓዘን ኣብ ዘለዎ ሓጎስ፡
ከም ዘእቱ ግበረኒ።
ጸልማት ኣብ ዘለዎ ብርሃን፡
ከም ዘእቱ ግበረኒ።
*ተደጋሚ፦*

## <u>መዝሙር እምነት 79 ሰንደቕ ዕላማ ናይ መስቀል</u>

1. ብወተሃደራት ኣምላኽ ከዝርጋሕ፡ ተዋህበ ሰንደቕ ዕላማ፡
ከም ብጅዋት ኬንና እናዘመርና፡ ክብ ነብል ዕላማና።

*ተደጋሚ፦* <u>ንቕድሚት</u>(2) ስለ የሱስ ኩሉ ንሕደግ

ንኸነንግሶ ንጋደል፡ ኣብ ትሕቲ መስቀል ክርስቶስ።

2. እቲ ጸላኢ ከም ማዕበል’ተመጸ፡ ዕላማና ይዘርጋሕ፡
   ወትሃደራት ናይ ኣምላኽና ኬንና፡ ብሓቂ ኣይንዘንጋዕ።
   *ተደጋሚ፡-*

3. ቲ ኽብሪ ክጅምር ይቐርብ ኣሎ፡ ቀልጢፉ ‘ናገስገሰ፡
   ኣብ ቅድሚ ንጉስና ጸላኢ ጠፍኤ፡ ዕላማ ኣንበልበለ።
   *ተደጋሚ፡-*

4. ኣብ ምድሪ፡ ኣብ ባሕሪ፡ ሰብ ዝዛረቦ፡ ጽቡቕ ብስራት ንገር፡
   ስለ ቐይሕ ቀለማ ቀልጥፍ ኣውጅ፡ ኣምላኽ እናጸውዔ።
   *ተደጋሚ፡-*

*ኣ.ሓ*

<u>መዝሙር እምነት 80 ኣብ ሽጋር ስእነት ዘለዉ</u>

1. ኣብ ሽጋር ስእነት ዘለዉ ኩሎም፡ ብልግሲ ኣርህወሎም።
   ብርሃንካ ኣብ ጸልማት ዓለም ኣብርህ፡ ሕዙናት ኣጸናንዕ።

_ተደጋሚ፡-_ መታን ክኸውን ብርሃን ኣብ ጸልማት፡

ባርኽኒ፡

ዎ ኣምላኸይ ብፍቕሪ ክርስቶስ ልበይ ኣጀርብብ።

2. ጸጋ ኣምላኽ ኣበስር ንኹሉ፡ ካብ ሓጥያት ዘድሕን ሓይሉ።
   ብጽድቂ ንበር ኣብ ቅድሚ ኩሉ፡ መታን ርእዮም ክእመኑ።

_ተደጋሚ፡-_

3. ከምቲ የሱስ ዝብለካ ኣፍቅር ንስንኩላት ርድኣዮም፡
   ነቶም ግዱዓት ብለውሃት ደግፍ ትእዛዝ ኣምላኽ ክትፍጽም።

ተደጋሚ፡-

4. ህይወተይ ብኹሉ ተወፍዩ ክነብር ብፍቓዱ፡
ንምግልጋል ኣምላኽ ተሰሊፈ ከበስር ቤዛነቱ።
ተደጋሚ፡-

## መዝሙር እምነት 81 እንዳእቲ ሒዝና

1. ዘርኢ ሕያውነት ብንግሆ ዘሪእና፡
ብቐትርን ምሸትን ከይተሓለልና፡
ብሓጎስ ክንጽበ እዋን ናይ ቀውዕና፡
ብሓጎስ ክንምለስ እንዳእቲ ሒዝና።

ተደጋሚ፡- እንዳእቲ ሒዝና፡፡(2)
ብሓጎስ ክንምለስ፡ እንዳእቲ ሒዝና፡ (2)

2. ብብርሃን ብጸልማት ብግዜ ደመና፡
ማያት ናይ ክረምቲ ከይጸገመና፡

በቲ እዋን ቀውዒ ዕዮና ፈጺምና፡
ብሓጎስ ክንምለስ እንዳእቲ ሒዝና።

*ተደጋሚ፡-*

3. ብንብዓት ንዘርእ ንፍቁር ጎይታና፡
ብዝጠፍኤ ዘርኢ'ኳ ንተ ሓዘንና፡
ንብዓትና ደርዙ'ዩ ክቕበለና፡
ብሓጎስ ክንምለስ እንዳእቲ ሒዝና።

*ተደጋሚ፡-*

## መዝሙር እምነት 82 ኣብ ግራት ኣምላኽ ምስ ከድካ

1. ኣብ ግራት ኣምላኽ ምስ ከድካ፡
ብጸሎት ጀምር ስራሕካ፡
'ንተዘይሰመረ ሓሳብካ፡
ብእምነት ቀጽል ዕዮኻ።

ተደጋሚ፡- ዘክር ኢኻ ጸልማት ኣሎ፡
ዘክር ስእነት’ውን ከም ዘሎ ዘክር ኢኻ
ቃልሲ ኣሎ፡ ኣጀኻ ዓወት’ውን ኣሎ።

2. ኣብ ግራት ኣምላኽ ምስ ከድካ፡
ወግሔ ጸብሔ ‘ናተጋህካ፡
ኣክብ ፍረ ንጎይታኻ፡
ዘክር ዕዳ ከም ዘሎካ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ኣብ ግራት ኣምላኽ ምስ ከድካ፡
ተስፋ ‘ይትቑረጽ ኣብ ዕዮኻ፡
እንተ በዝሔ ፍርያትካ፡
ካብ ትዕቢት ተሓሎ ኢኻ።

*ተደጋሚ፡-*

4. ርኤ ይብለካ’ቲ ዋና
ነፍሳት ብስራት ዝደልያ፡
ንኸንቱ ከየስቆርቆርካ፡
ኪድ ቀልጥፍ ኩሉ ሓዲግካ፡፡ ደ.ኣ

# <u>መዝሙር እምነት 83 ሒደት ብዙሕ'ዩ ኣምላኽ 'ተለዎ</u>

1. ኣብቲ ግራት ሰዊቱ ዘሎ፡
   ሰፈር ኣሎ ንዓኻ፡
   ድምጺ ኣምላኽ ኣድህበሉ፡
   ናብቲ ግራት ዘድህየካ።

   <u>ተደጋሚ፡- ሒደት ብዙሕ'ዩ ኣምላኽ 'ተለዎ</u>

   ኣይትድከም ንሓላፊ እትደፍኦ ኣኽሊል ኣሎ

   ብስም የሱስ እንተኸድካ።

2. 'ቲ ሰፈር ተጸዋዕከሉ፡
   ይመስልዶ ዘይፍሉጥ፡
   ብሉጽ'ዩ ኣምላኽ 'ተለዎ
   ጥሪቱ ዘይርስዕ።
   *<u>ተደጋሚ፡-</u>*

3. ብሕማም ኮነ እርጋን፡

ካብቲ ግራትዶ ኣልጊስካ፡

ተኻፈሎ ነቲ ውግእ

ብምንቃሕ እናጸሌኻ፡

<u>ተደጋሚ፡-</u>

4. ቃልሲ ውግእ ናይዛ ምድሪ፡

ፈጺምና ምስ ደየብና፡

ንኡ እሙናት እንተኾንና፡

“ ኣታ እሙን” ይብለና። ደ.ኣ

# <u>መዝሙር እምነት 84 ናብ ትብለኒ እኸይድ</u>

1. ምናልባት ኣብ ነዋሕቲ ኣኽራን፤ ወይ ማዕበላት ናይ ባሕሪ፡

ብርቱዕ ሰይፊ’ውን ኣይከውንን ጎይታ ኣብ ዝደለየኒ።

ህዱእ ድምጹ ሰሚዔ ክስዕቦ ብዘይፈልጦ መገዲ፡

መልሰይ እዚ እዩ ዎ ኸቡር ጎይታይ፡ ባዕልኻ ምርሓኒ።

ተደጋሚ፡- ናብ ትብለኒ እኸይድ ጎይታ፡ ጎልጎል፡

ባሕሪ፡ ወይ ኣኽራን፡ እትደልዮ
ክብል

ዎ ኽቡር ጎይታ፡ ኣኽእል
ንባርያኻ።

2. ካብ ጥፍኣት መታን ክትምለስ እታ ትእብስ ነፍሲ፡
ብኣይ ጌርካ ትዛረቦ ቃል ዝርከቦ ጽድቂ፡
መገደይ እንተጸልመተ ጎይታይ ባዕልካ ምርሓኒ፡
ቃልካ ክነግር ንዘይሰምዔት ነፍሲ ሓይልኻ ሃበኒ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ቦታ ኣሎ ቀውዑ ዝበጽሖ፡ ኣብዛ ሰፋሕ ምድርና፡
በዚ ሓጺር ዕድሜና፡ ንስራሕ ነቲ ዝሞተልና።
ኣብ ሓልዮቱ ተወኪልና ብፍቕሩ ጸኒዕና፡
ፍቓዱ ንግበር ብምሉእ ልብና ንወፊ ህይወትና።

ኣ.ሓ

# መዝሙር እምነት 85 ሕጉስ እየ ናብ ዝበልካኒ ክኸይድ

1. ንኸናፍረይ ተንከዩ፡ ኣበሳይ ኣርሓቕለይ፡

ንሓጥያተይ  ኩሉ ኸኣ ብደሙ ኣጽረየለይ፡

ነዒንተይ ክፈት ከለሊ ዕድለይ፡

ክሰምዕ ቀልጢፈ ምስ በልካ ኪደለይ።

<u>*ተደጋሚ፦*</u> ሕጉስ ኢየ፡ ናብ ዝበልካኒ ክኸይድ፡

<u>ንዝጠፍኡ፡ ከበስር፡ ከጸናንዕ።(2)</u>

2. ንኣኻ እትቕበል ነፍሲ ናብ ዘላቶ፡

ጎይታ ምርሓኒ ባዕልኻ፡ ኣነ ድኹም ከይስሕቶ፡

ጥበብካ ሃበኒ ብሉጽ ኣእምሮ፡

ንነፍሳት ክረብሕ ኣብ ኩሉ ዝኸዶ።

<u>*ተደጋሚ፦*</u>

3. ሓያል ጸላኢ ኣሎኒ ኣዕጥቐኒ ‘ጸቢቕካ፡

ክሳዕ መወዳእታ ጉዕዞይ ምሳይ ኩን ከም ተስፋኻ፡፡

ንዓኻ ሰሚዖም ዝተሰለፉ፡

መገሸኦም ፈጺሞም ከይተሰነፉ።

<u>*ተደጋሚ፦*</u>

4. ዝሃብካኒ ሕድሪ ኩሉ ፈጺመ ምስ ኣብጻሕኩ፡

ክቡራት ነፍሳት ሒዘ ናባኻ ምስ መጻእኩ፡
ምስክረይ ይኹን ዕዮይ ወዲአ፡
ምሉእ ዕድመይ ንዓኻ ኣኽበርኩ።

ደ.ሳ

## መዝሙር እምነት 86 ክቐርብ ድየ ኣባኻ ብዘይ ሓንቲ ነፍሲ

1. ክቐርብ ድየ ኣባኻ ብዘይ ሓንቲ ነፍሲ፡
   ንዘውድኻ ተጸብቖ፡ ዝኸበረት ዕንቍ።
   ኣንቂደ ጎይታ ክትንስእ፡
   ምርሓኒ ቃልካ ክዘርእ፡
   ሽዑ ትኸብር ንስኻ፡ እሕጎስ ባርያኻ።

2. ኣብ ዙርያይ ቆላሕ ‘ተበልኩ፡ ጥፉኣት እርኢ፡
   ንኽበጽሖም ግን የሱሰይ፡ ይውሕደኒ ዓቕሚ።
   ብቕዱስ ትብዓት ምልኣኒ፡
   ክጥሕስ ነቲ ኸልኻሊ፡
   ሽዑ ከበስሮም እየ ቃልካ ዝሃብካኒ።

3. ዝኸድካዮ ኩሉ ኣሰር፡ ንምድላይ ጥፍኣት፡

ሓግዘኒ ብኡ'ቢለ፡ ኣነ'ውን ክጉዓዝ።

ዝነበርካ ድንጋጸ፡

ኣባይ ኩሉ ተሰረጸ፡

ሽዑ ክነቕል'የ ባዕለይ፡ ብድላይ መሪጸ።

ደ.ሰ

## <u>መዝሙር እምነት 87 ሕድሪ'ሎኒ ዝሕልዎ</u>

1. ሕድሪ'ሎኒ ዝሕልዎ፡

ንብሩኽ ኣምላኽ ዘኽብሮ፡

ኣሎኒ ዕዳ ዝኸፍሎ፡

ቃል ኅይታ ዘበስሮ።

ተደጋሚ፡ ኣኽእለኒ፡ ኣኽእለኒ፡
ክፍጽም ዝሃብካኒ፡ ብዓወት ኩሉ
ሕድሪ።

2. ዘይጠፍእ ድሙቕ ብርሃን፡
ነዛ ዓለም ንምድሓን፡
ምቁር ጩው ኣብ መንጎ ኣሕዋት፡
ሓግዘኒ ንምኳን።
*ተደጋሚ፡-*

3. ናብ ዓዲ ናይ ኩላ ዓለም፡
ጎይታ ክሳዕ ዝሳገር፡
ዝሃብካኒ ኩሉ ዕዮ፡
ብዓወት ክዛዝሞ።
*ተደጋሚ፡-*

## መዝሙር እምነት 88 ናይ ሓለቓ ጓሶት እሙናት ልኡኻት

1. ናይ ሓለቓ ጓሶት እሙናት ልኡኻት፡
ነፍሱ ዝሃበለን ንዘፍቅረን ነፍሳት፡
ናብ ጽሩይ ቃል ኣምላኽ ትሃድኣሉ ነፍሰን፡

ብፍቕሪ ብዓቕሊ ብለውሃት ምርሕወን።

2. ካብ በታፍ መጓሰ ሰራቒ ጕሒላ፡
ነቒሕኩም ሓልዉ ነፍሳት ከይጠፍኣ።
ከም ሕያዋይ ጓሳ የሱስ መድሓኒኹም፡
ስለ ኣባጊዕኩም ወፍዩ ህይወትኩም።

3. ብእምነት ብንብዓት ብሓጎስ ዝዘርአ፡
ፍረ ይሓፍስ'ዩ ግዚኡ ምስ በጽሐ፡
ካብዚ ተሳጊሩ ናብ ጎይታ ምስ ከደ፡
ሓጎሱ ይበዝሕ ገጽ የሱስ ምስ ርአ።

ደ.ኣ

## <u>መዝሙር እምነት 89 ክብርቲ ማሕበሩ</u>

1. ናይታ ሓቂ ዓንድን መሰረት ዝኾነት፡
ማሕበር ህያው ኣምላኽ ፈጽም ኣገልግሎት።
ብዘይ መንቅብ ጥንቁቕ ቀጻዕ ነፍሱ ኾይንካ፡
ብዓወት ደምድሞ ዕዮ ‘ተዋህበካ።

ተደጋሚ፡- ክብርቲ ማሕበሩ ብደሙ ዘጥረያ

ለይቲ ምስ መዓልቲ ነቒሕካ ጓስያ

ዝሓለፉ ጓሶት ዘኽኣለ ብጸጋ

ከኽእለካ ኢዩ ሕጂ’ውን ንዓኻ።

2. ብቓል ጐይታ ኩሉ ብሰናይ ኣርኣያ፡
ብርሃንካ ‘ብርሃዮ ኣብ ኩሉ ዙርያካኻ።
ሰናይ ጠፊኦዎም ዝደልዩ ሓባሪ፡
ብፍቕሪ ምርሓዮም ናብ ህይወት ወሃቢ።
*ተደጋሚ፡-*

3. ደድሕሪ ኣምልኾ እምነት ፍቕሪ ህድኣት፡
ደድሕሪ ትዕግስቲ ኩሉ ፍቕሪ ስዓብ።
ጽቡቕ ገድሊ እምነት ኩሉ ሳዕ ተጋደል፡
ክሳዕ ሞት እሙን ኩን ኪዳንካ ኣይትጥለም።
*ተደጋሚ፡-*

4. ህይወት ናይ ዘልኣለም እተኣመንካላ፡
ቀጥ ኣቢልካ ሓዛ ክሳዕ መወዳእታ፡
ዕዮኻ ዛዚምካ ናብ የሱስ ምስ ከድካ፡
ኣብ ሕቝፉ ኣዕሪፉ ሕያዋይ ይብለካ። ደ.ኣ

## መዝሙር እምነት 90 ህይወተይ ትኹን ኀይታ

1. ህይወተይ ትኹን ኀይታ ጽብቕቲ ዕምባባ፡
ምስ ጠመታ ‘ዒንትኻ ብኣኣ ዝዓግባ፡
ዓለም ምስ ጠመተት’ውን ሓጎስ ክትረኽበሉ፡
ኣድምቃ ኣጸቢቕካ ነፍሲ ክትስሕበሉ።

2. ህይወተይ ትኹን ኀይታ ተኸሊ ፍረ ትህብ፡
ክትቅንጥብ ምስ መጻእካ ብኣኣ ትዓግብ፡
ኮስኩካ ኣጸቢቕካ ኣስትያ ማይ ህይወት፡
ቀንጢባ ክትበልዕ ዝጠመየት ዓለም።

3. ህይወተይ ትኹን ኀይታ ዝመቀረት መዝሙር፡

ንስምካ እተዘንቱ ዕቤትካ ትነግር፡
ንኹላቶም ዝጠፍኡ ፍቕርኻ ተበስር፡
ንሕዙን ዝሰምዓ ተስፋኻ ትዝምር።

ደ.ኣ

## <u>መዝሙር እምነት 91 ብብርሃንካ ክደምቕ እደሊ</u>

1. ከም ወርሒ ካብ ጸሓይ ተቐቢላ፡
   ካብ ጸልማት ለይቲ ተእቱ ደሓን፡
   ኣነውን የሱሰይ ጸሓይ ጽድቂ፡
   ብብርሃንካ ክደምቕ እደሊ።

2. ከም ኮኾብ ምብራቕ'ውን ንሰብ ጥበብ፡
   መሪሑ ዘብጽሖም ናብ ቤትልሄም፡
   ኣነውን መገዲ ብዝጠፍኦም፡
   ሓብረኒ ናባኻ ከብጽሖም፡

3. ከም ንህቢ ዝዕዘም ብዕምባባ፡

ካብኡውን ዝቐስም ጽጌረዳ
ሽልመኒ ምሉእ መኣዛኻ፡
ተዓዚሞም ክመጹ ናባኻ፡

ደ.ሓ

# <u>መዝሙር እምነት 92 ተጠቐመለይ ጎይታ ንኽብርኻ</u>

1. ከም በትሪ ናይ ሙሴ ኣብ ኣጻምእ ቦታ፡
   ህዝብኻ ኣስቲኻ ክብርኻ ዝገለጽካ፡
   ኣነ'ውን እኔኹ ቃልካ ንዝጸምኡ፡
   ቃልካ ከቕርበሎም ተጠቐመለይ ከምኡ።

ተደጋሚ፡- <u>ተጠቐመለይ ጎይታ ንኽብርኻ(2)</u>
ተዳልየ ኣለኹ እኔኹ ባርያኻ፡
ጎይታይ ንኽብርኻ ተጠቐመለይ
ኢኻ፡

2. ከም ኣብ ሰራጼታ ናይ ሴዶን መበለት፡
   ኤልያስ ዝመገበት ብፍቕሪ ብእምነት፡
   ኣነውን እኔኹ ንዝጠምዩ ቃልካ፡

ቃልካ ከቕርበሎም ተጠቐመለይ ኢኻ።

*ተደጋሚ፡-*

3. ከም ጳዕብ የሩሳሌም ኣብ ኣገልግሎትካ፡
ዝተጠቐምካላ ንምግላጽ ክብርኻ፡
ኣነውን እኔኹ ጎይታይ ንኽብርኻ፡
ኣብ ኩሉ ዕዮኻ ተጠቐመለይ ኢኻ።

*ተደጋሚ፡-*

4. ከም ጃልባ ኣብ ባሕሪ ህዝብኻ ንምምሃር፡
ዝተጠቐምካላ ቃልካ ንምብሳር፡
ኣነውን እኔኹ ተዳልየ ባርያኻ፡
ቃልካ ንምዝርጋሕ ተጠቐመለይ ኢኻ።

## መዝሙር እምነት 93. ወንጌል ናይ ጎይታና

1.ኣብ በበይኑ ጊዜ በበይኑ ዘበናት፡
ቃልካ ተዘሪኡ ኣብ ብዙሕ ዓይነት ግራት፡
ገሊኡ ኣብ መገዲ ገሊኡ ኣብ ከውሒ፡
ገሊኡ ኣብ እሾኽ ገለ ኣብ ጽቡቕ ምድሪ።

ተደጋሚ፡-ወንጌል/3/ናይ ጎይታና

የውጽእ'ዩ ሓራ ካብ ማእሰርቲ ሓጥያት ካብ ስቓይ መከራ።

2.ቃልካ ዝሰምዕዎ ክንደይ ብዙሓት’ዮም፡
ስምካ ንምእማን ብዙሕ ዘሸግሮም፡
እናተረትዑ’ውን ሕልንኦም ዘዕረቡ፡
ይነብሩ ኣለዉ እናኣሰቆርቆሩ።

<u>ተደጋሚ</u>

3.ቃል ኣምላኽ ሰሚዑ ልቡ ዝኸፈተ፡
ውሽጡ ተረቲዑ ናብኡ ዝቐረበ፡
ሓጥያቱ ይፍወስ ብጸጋ ይመልእ፡
ዘይርብሕ ህይወቱ ዘልኣለም ይወርስ።

<u>ተደጋሚ</u>

4.ቲ.ጥዑም ብስራት ቃል ኣምላኽና እዩ፡
ዘልኣለም ዘይልወጥ ብርሃን ሓቂ እዩ፡
‘ቲ ቓል ስጋ ኾነ ኣባና ሓደረ፡
ነቶም ዘኣምንዎ ዓቢ ሓጎስ ኮነ።

<u>ተደጋሚ</u>

5.ጎይታ ሓግዝና ካብ ልቢ ዘትርር፡
ደጋጊሙ ሓጥያት ሓሳብና ዘዕውር፡
ወንጌል ኣበስሮ ፍቓድኻ ክሰበር፡
የሱስ ጸሓይ ጽድቂ ዙርያና ክበርህ።

<u>ተደጋሚ</u>

6.ወንጌልካ ግለጾ ቃልካ ከነፍቅሮ፡
ኪኸውን ቀለብና ኣባና ኪሓድር
መንፈስ ሰይፊ ኮይኑ ኣባና ኪሰዕር
ቃልካ በይኑ እዩ’ቲ ብርሃን ዝሕብር። ት.ተ